April 22, 2022 4:03 PM TIGRINYA

# ምርዳእ
# ዉሸባ ከምኡዉን ምግላል

እዞም መምርሒታት ንህዝቢ፣ ከምኡዉን ቤት ትምህርቲ ከምኡዉን ቦታታት ክንክን ቈልዑ ዝምልከት እዩ። ነቶም ኣብ መዕቈቢ፣ክንክን ጥዕና፣ መአረምታ ወይ ካልእ ዓይነት ክንክን ቦታታት ዝነብሩ ወይ ዝሰርሑ ሰባት መምሪሒታት ግለላ ከምኡዉን ዉሸባ እተፈላለየ እዩ ። ብዛዕባ ናይዞም ኩነታት መምርሒታት ምእንቲ ክርድኣካ ንኣስራሒኻ ሕተት።

## ምስ ሓደ ኮቪድ-19 ዘለዎ ሰብ ተቓሊዕካ ምስ ትነብር* ግናኸ ምልክታት ሕማም እንተ ዘይብልካ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ

* ምቕላዕ  ማለት ማስኬራ ከለካ ወይ ዘይብልካ ከሎ ኣብ ዉሽጢ ሓደ መዓልቲ እንተ ወሓደ 15 ደቒቕ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኣብ ውሽጢ 6 ፊት ናይ ሓደ ሰብ ምህላዉ ማለት ኢዩ።

ዉሸባ ማለት ድሕሪ ምቕላዕካ ክትሓምም ወይ ክትልከፍ ዲኻ ንምርኣይ ኣብ ገዛኻ ምጽናሕን ካብ ካልኦት ምርሓቕን እዩ። ካብ 12 ማርች ጀሚሩ፣ ብዓል ስልጣን ጥዕና ኦሪገን ነቶም ምስ ኮቪድ-19 ዘለዎ ሰብ ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ መብዛሕትኦም ሰባት ዉሸባ ክገብሩ ኣይሓቶምን እዩ።

## ምስ ሓደ ኮቪድ-19 ዘለዎ ሰብ እንተ ተቓሊዕካምስ ትነብር፣ ኣብ ቤትካ ምጽናሕ ኣየድልየካን እዩ። ይኹን እምበር፣ ናይ ክታበት ኵነታት ብዘየገድስ፣ ከምዚ ዝስዕብ ክትገብር ኣለካ



1. ን ምልክታት ን 10 መዓልታት ተኸታተል።
2. ኣብ ከባቢ ካልኦት ማስኬራ ክትገብርን10 መዓልቲ ሕሰብ።
3. እንተ ከኢልካ ድሕሪ ናይ መወዳእታ ምቕላዕካ ድሕሪ 5 መዓልቲ ተመርመር።
4. ፖዘቲቭ ምስ ዝኸዉን ዉጽኢት መረምራኻ ከምኡዉን/ወይ ምልክታት ኮቪድ-19 ምስ ተማዕብል፣ ኣብ ገዛ ጽናሕ ከምኡዉን ናይ ግለላ መምሪሒታት (ኣብ ታሕቲ ዘሎ) ስዓቦ።

ኣበይ ከም እትኸውንን ምስ መን ከም እትኸውንን ሕሰብ። ነቶምንብርቱዕ ኮቪድ-19 ልዑል ሓደጋ ዘለዎም ሰባት ነቲ ምስ ሰባት ዘለካ ርክብ ደረት ብምግባር ወይ ኣብ ከባቢኦም ማስኬራ ብምግባር ከተዕቍቦም ትኽእል ኢኻ።

## ምልክታት ሕማም ምስ ዝህልወካ ወይ ንኮቪድ-19 ፖዘቲቭ ዉጽኢት መርመራ እንተ ኣለካ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ (መምርሒታት ግለላ)

1. እንተ ወሓደ ን5 መዓልቲ ኣብ ገዛ ጽናሕ ከምኡውን ካብ ካልኦት ርሓቕ(ተገለል)።
2. ድሕሪ 5 መዓልታት፣
   - ን24 ሰዓታት ዝኾነ ረስኒ ምስ ዘይህልወካ ብዘይ ረስኒ መጉደሊ መድሃኒት ከምኡዉን
   - ልሉማት ምልክታት ምስ ዝህልወካ ትመሓየሽ ምስ ትህሉን ካብ ገዛ ክትወጽእ ትኽእል ኢኻ።
3. ብጥንቓቐ ንተወሳኺ 5 መዓልታት ኣብ ከባቢ ካልኦት ምስኬራ ምግባር ቐጽል ።

ፖዘቲቭ ዉጺኢት መርመራ እንተ ኣለካ ወይ ምስ ሓደ ኮቪድ-19 ዘለዎ ሰብ ኣብ ከባቢኡ ምስ ትነብር፣ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ ሕቶታት እንተ ኣልዩካ፣ ናብcall 866-917-8881 ደዉል። ኣብ ምግልላካ ገዛ ንምጽናሕ ነገራት ኣብ ምርካብ ሓገዝ የድልየካ ምስ ዝኸዉን ናብ፣ 211ደዉል።



ንእዋናዊ ምዕባለታት ንMULTCO.US/COVID19 ይጎብንዩ።